# ስለምንታይ ኤርትራ?

ሓደስቲ ጎረባብትና ካብ ኤርትራ ናብ ከባቢ ፖትስዳም-ሚተልማርክ ካብ ዝመጹ ድሮ ገለ ዓመታት ኮይኑ። ኣብዚ ግዜ እዚ 100 ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ከባቢና ይርከቡ።

ኤርትራ ሓንቲ ካብተን፣ ብዙሓት ዜጋታታ ገዲፎማ ናብ ጀርመን ዝስደዱ ዘለዉ ኣፍሪቃዊት ሃገር እያ። ካብ 2014 ጀሚሩ ቁጽሪ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዓመታዊ ኣብ 10.000 በጺሑ ይርከብ።

ካብዚኣ ምብራቕ ኣፍሪቃዊት ሃገር - ብኣጋጣሚ ኣብዛ ዕለት ናይ ሓበሬታ ምደብና ማለት 24.ግንቦት 2018 መበል 27 ዓመት መዓልቲ ነጻነት እዩ - ኮይኑ ግን ቀጻሊ ብዙሓት ሰባት ይስደዱ ኣለዉ።

ኣብ ሽታንስዶርፍን ከባቢኣን ብዙሓት ካብ ባይታ ጀሚሮም ሂወቶም ዝመርሑሉ መዳይ ከናድዩን እግሪ ክተኽሉን ይርከቡ፣ ብዛዕባ ተመኩሮታቶም ክሕብሩና ኣብ መኣዲ ዘተ ንዕድሞም ኣለና።በዚ

ምኽንያት ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ዘለዎም ጠለበታት ክንፈልጥን ኣዕሚቕና ክንላለዮምን ድልየትና እዩ።

ዕለት 24.05.2018 ሰዓት 16፡00 ንሓበሬታ ብዛዕባ ኤርትራ ናብ Jugend- und Familienzentrum „ClaB“ ናብ Stahnsdorf ክንዕድመኩም ዝስምዓና ሓጎስ ወሰን የብሉን።

እዚ መደብ ሓበሬታ ንተመኩሮ ስደት ዘለዎም ጥራይ ዘይኮነስ ንኹሎም ብሃገረ ኤርትራን ሂወት ካብኣ ዝተሰዱ ህዝብን ዘገድሶም ብሓፈሽኡ ዝዕድም መደብ እዩ።

ብኤርትራዊ ባህላዊ ኣገባብ ዝተቐለወ ቡን ምስ ቁርሲ ቡን ነጋይሽና ቀሪብና ኣለና።

ተወሳኺ ክትማልእዎ እትደልዩ ቁርሲ ቡን (ሕንባሻ/ ቅጫ ፍት-ፍት/ ቆሎ/ ኬክ/ ዝቆራጠም) ሒዝኩም ክትመጹ ደስ ይብለና።

# መራኸበቢ/መጉዓዝያ፣


መራኸቢን ንሓባራዊ መደባት መጥለቢን ኣድራሻ

**Eritrean Initiative for Dialogue and Cooperation e.V. (eridac e.V.)**

www.eridac.org
info@eridac.org

**Susanne Weisheit**
**Interkulturelle Arbeit in Planregion 1 + 2 des Land-kreises Potsdam-Mittelmark**

EJF gemeinnützige AG
Jugend- und Familienzentrum „ClaB“
Bäkedamm 2,
14532 Stahnsdorf
Tel. + 49 (0) 3329 690 70 66
interkulturelle.arbeit.clab@ejf.de
www.clab-stahnsdorf.de


መጉዓዝያ፣
መደብ ሰሚናር ኣብ Jugend- und Familienzentrum „ClaB“ in Stahnsdorf, Bäkedamm 2 እዩ ክኸውን።
ብኣውቶቡስ X1, 601, 620, 623, 629 ክትመጹ ትኽእሉ። ካብ ብሩክ (Brück)፣ ባድ ቤልዚግ (Bad Belzig) ሰዲን (Siddin) ብባሩ ብባቡር RE 7 መጺእኩም ኣብ በርሊን ቫንሰ (Berlin Wansee) ወሪድኩም ብ ኣውቶቡስ 620 ናብ ኤስ-ቴልቶ ኣምሪሕኩም (Richtung S Teltow) ትመጹ። ኣብ ሽታንስዶርፍ ቫልድሸንከ (Stansdorf Waldschänke) ድማ ትወርዱ።




ምትእኽኻብ . ሓሳብ ምልውዋጥ
ውዕል . ሓገዝ

ምስ ሙሉእ ክብሪ ንዕድመኩም

## ሓበሬታ ብዛዕባ
# ኤርትራ/ውያን

## ከመይ ኣለኹም ምሳና?
## ከመይ ኣለና ምሳኹም?

**ዕለት፣ 24.05.2018**

ግዜ፣ ሰዓት **16.00 - 21.00**

ኣድራሻ፣ Jugend- und Familienzentrum „ClaB“
Bäkedamm 2, 14532 Stahnsdorf

ERITREAN INITIATIVE FOR DIALOGUE AND COOPERATION E.V.

Evangelisches Jugend- und Fürsorgewerk gAG

## መደባት

መደባት

መደብ ሰሚናር ብትርጉም ጀርመን- ትግርኛ ዝተሰነየ እዩ፥

ሰዓት 16.00 ኣጋይሽ ምቕባልን ሰላምታን

ሰዓት 16.10 ተመኩሮ ሓሳብ ምልውዋጥ፥ ከመይ ኣለኹም ምሳና?– ከመይ ኣለና ምሳኹም?

ተመኩሮታት ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን ኮምኡ እውን ካልኦት ኣገደስቲ ኣርእስቲታትን ዝድህስስ ብማሕበር eridac. e.V. ዝምራሕ ሰሚናር

ሰዓት 17.00 ዕርፍቲ - መትኣኻኸቢት ባህላዊት ቡን

ሰዓት 17.45 መዋጽኦ ካብ ጭንቀትን ዓቕሊ ጽበትን

ክልተ መደረታት ኣስዒቡ ድማ ባይታ ንሕቶን መልስን፥ ርእይቶን ሓበሬታን

1. መደረ „ጭንቀት ምልላይ“ ብ ዶ/ር ሓኪም ቤን ሮምድሃነ“ Psychologe ኣብ Internationalen Bund (IB) ከባቢ ፖትስዳም-ሚተልማርክ ኣማኻሪ ኮይኑ ዝሰርሕ) /

2. መደረ „መዋጽኦ ካብ ጭንቀት“ ብ ፍሎራ ፔታክ ሞይኣ (Psychologin )(M.Sc.) ኮይኑ ብተወሳኺ Psychotherapeutin ንኽትከውን ኣብ ምልመላ ኣላ። ኣጨናቒ ዝኾነ ተመኮሮታት ዘሕለፉ ሰባት ዘድልዮም ሓበሬታ ክትህብን፥ ብኸመይ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነት ክሕገዙ ከምዘለዎምን ምኽሪ ከተቕርብ እያ። ንመዋጽኦ ካብ ጭንቀትን ዓቕሊ ጽበንትን ኣብ መ ዓልታዊ ሂወት ሓጋዚ ዝኾኑ ሜላታት ባዕልኻ ንኽትጥቀመሎም ኮነ፥ ኣብ ክኢላታትን ሞያውያን ኬድካ ክርከቡ ዝከኣሉ ኣስተምህሮታትን ኣዳልይያ ኣላ።



## መደባት

ሰዓት 19.15 ኣብ ስታንስዶርፍን ከባቢኣን ዝርከቡ ረድኤታት ዝምልከቱ ሓበሬታታት፥

-ዳሪን ዛራሪ፥ ኣብ ከባቢ ፖትስዳም-ሚተልማር ዝርከብ ኣማኻሪ ስደተኛታት (IB Beratungsfachdienst Migrationssozialarbeit im Landkreis Potsdam-Mittelmark)

-ሱዛነ ቫይስሃይት፥ ኣብ EJF JFZ ClaB Stahnsdorf – ዋና ሕብረ ብሄራዊ ስርሓት Interkulturelle Arbeit

ሰዓት 19.45 ፈለምቲ ተመኩሮታትን ትዕዝብትታትን ሓድሕድ ዝምልከቱ ሓሳብ ምልውዋጣት

በዚ ኣጋጣሚ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ልዕሊ ሃገረ ጀርመንን ህዝቢ ጀርመንን ዘለዎም ፈላሚ ትዕዝብትን ተመኩሮን ክገልጹ ዕድል ክወሃብ እዩ።

ምስኡ ዝኸይድ ንጀርመናውያን እውን ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘለዎም ትዕዝብቲ ተመኩሮን ክገልጹ ዕድል ክወሃብ እዩ።

ሰዓት 20.30 ውዕል ልዝብ፥ ብኸመይ ሓድሕድና ክንተሓጋገዝ ንኽእል?

በዚ ኣጋጣሚ ሓባራዊ ገምጋም ሰሚናር ክቐርብ እዩ። ኣቐዲምና ዘለናዮምን ዝተሓበሩ ጠለበታት ጾሚቕና ክንምዝግቦምን ክንርእዮምን ኢና። መወዳእትኡ ንመጻኢ ኣገደስቲ ኮይኖም እንርእዮም ኣርእስቲታት ሓቢርና ክንጸሙቕ ኢና።

ሰዓት 21.00 ተፈጸመ



## Wer sind wir?

**Eritrean Initiative for Dialogue and Cooperation e.V. (eridac e.V.)**

Die Eritrean Initiative for Dialogue and Cooperation (eridac e.V.) ist ein gemeinnütziger Verein, der insbesonere Eritreerinnen und Eritreer unterstützt, die vor Krieg, Militärdienst und Verfolgung geflüchtet sind.

Zurzeit liegt der Schwerpunkt unserer Vereinsarbeit darin, uns zu vernetzen und Kooperationspartner zu finden. Dabei konzentrieren wir uns auf die fünf ostdeutschen Bundesländer, denn dort gibt es bis heute kaum Dolmetscher/innen für Tigrinya. Dies liegt daran, dass die eritreischen Flüchtlinge in den 1970er und 1980er Jahren nach Westdeutschland kamen. Somit sind sowohl die Geflüchteten, als auch die Institutionen auf Dolmetscher/innen aus den westlichen Bundesländern angewiesen.

**EJF gemeinnützige AG**
**Jugend- und Familienzentrum „ClaB“**

Der „ClaB“ (Club an der Bäke) ist das Jugend- und Familienzentrum der Gemeinde Stahnsdorf in Trägerschaft des Evangelischen Jugend- und Fürsorgewerks (EJF gAG) in Berlin.
Das Jugend- und Familienzentrum ist ein Ort der Begegnung und gibt allen Einwohnern der Gemeinde Stahnsdorf die Möglichkeit, sich in das gesellschaftliche Leben einzubringen.

Die interkulturelle Arbeit im „ClaB“ initiiert in den umliegenden Städten und Gemeinden einen interkulturellen Dialog zwischen Menschen ohne Migrationshintergrund und den neu Zugewanderten.
Sie unterstützt geflüchtete Menschen und Migrantinnen und Migranten jeden Alters dabei, Angebote im Sozialraum zu finden und zu nutzen. Sie regt zur Selbstorganisation Geflüchteter an und informiert über migrationsspezifische Beratungsangebote sowie Bildungs- und Freizeitangebote.